# ጋዜጣዊ መግለጺ

ብመጀመርያ ማሕበርና ነቶም ኣብ ዕለት 8 ወርሒ 4 ዝተገብረ ቁዱስ ሰለማዊ ሰልፍ ንዝታሰቱፉ ልዑል ምሥጋና ነክርብ ፡፡ እትምንታይሲ ዑዱማት ናይ ዝተፈላለየ ጸግዕን ኣታሕሳሰባን ንጽጋም ብምቅማት ነዚ ካብ ሓልዮት ዝተበግሰ ቢመንእሰያት ዝተገብረ ዝኮነ ፀጊዕ ዘይሓዘ ሂወት ኣድሕን ዕለታዊ ዕዮም ግዝዊ ሽግሮም ወርቃዊ ግዝኦም ፖልታካዊ እምነቶም ነቲ ዝተበገሰናሉ ዕላማ ዕዉት ንምግባር ዝተሓበበሩ ዓቢ ምስጋና ነቀርብ፡፡

ከምኡ ዉን መን እሳያት ብሰንኪ ሕጽረት ግንዘብን ግዜን ምሳና ክዉዕሉ ብዘይ ምኽኣሎም ግን ከኣ ብትለፎናትን ብኤመላትን ብፋስቡክን ካብ ካናዳ ጀርመን ጥልያን ስዊስ ሽወኤደን ወዘተ... ዝገበሩልና ምትብባዕ ከይመስገና ክንሓልፍ ኣይንደልን፡፡

ዕለማ ሰለማዊ ሰፊ ከምዚ ይመስል ነይሩ

ኑጽሕን ኤርትረዉያን ሕጽናትን ደቂኣንስትዮን ዝርከቡዎም ዜጋታት ኣብ ምድረበዳ ስናይ (ምስር) ይግፈዑን ይቅተሉን ደቂኣንስትዮ ዉን ብኑቡርን ብዘይንቡሩን ይጋሰሳን ይጠንሳን፣ ንፍሰወከፍ 20000 ዶላር ከፈል እናበልካ ብሽፋቱ ካብኡ ሓሊፉ ዉን እታ እንኮ ሂወቶም ብምጢፋእ በዘስካክሕ ኣርመናውን መንገዲ ኣካላቶም ናብ ዕዳጋ ብሙዉራድ ኣብ መሸጣ ዝውዑሉ ዘሎዉ ኑጽሓት ኤርትረዉያን ኮሙ ዉን ኣብ ባሕርታትን ኣብ መሬትን ሊብያ ዝጠፍ ዘሎ መንእሰይ ብዓቢኡ ድማ ሂወት 350 መንሳያት ኣብ ሓደ መዓልቲ ዝተፉኡ ጸሊም ጨርቂ ብምእሳር ሓዘና ገሊጽና ፣፣ዕላማና ድማ ናብ ዓለም ምቅላሕን ብዓቢኡ ድማ ይሕዋት ከምዘለናዮም ንምግላጽ እዩ ነሩ ፡፡

እቲ መለኸቲ ድማ ኑጹርን ሓይመናታዊ እምነትን ፖልትካዊ ፍልልይን ዘይቡሉ ንኹሉ ዝዕድም እዩ ነሩ ::ምኽንያቱ እዚ ሁጹጽ ሂወት ኣድሕን ብዘይ ኣፈላላይ ሓዲ ልቢ ኮይና ጥራይ ኢና ክንረድ ወይ ክነሰምዕ ንኽእል : ከም ካልኣይ ድማ ንኹሉና ዝምልከት ናይ ሕልና ጉዳይ እዩ ኢልና ስለ ዝኣመና እዩ ::

<u>ግምጋም</u>

ምናልባት እኮ ሰለማዊ ሰልፍና ከም ሰብ ወሕድ እንተነበሮ እቲ ናይ ሕልና ቅሳነት ወይ ዉን መልእኽቱ ካብ ምትሕልላፍ ኣይተጉናደበን

1 ደብዳቤ ናብ ኤምባሲ ምስር

2 ናብ ኣባላት ፓርላማ ሆልላንድ

3 ናብ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር ሆልላንድ እዩ ነሩ ::

<u>ቺሪሕቶት</u>

1 ኣብ ምስር ዘለዉ ኡሱራት ይፈተሑ

2 ኣብ ሊብያ ዘልዉ ኤርትረኣዉያን ስደተኛታ ጉዳዮም ይረአ:

3 መሰል ስደተኛት አረትረዋያን ኣብ ሊብያ ኣብ ምስርን ይተሓሎ :

4 ሰበኣዊ መሰል ደቂኣንስትዮ ይድፈር ኣለዎ፣

5 መንግስቲ ሆላንድ ጉዳይና ኣብ ኣጀንዳ የስፍሮ

6 መሸጣ ደቂሰባት ንኹኑን ወዘተ... ዝብል ነይሩ::

ገለ ኣቦታት ድማ ቁዱስን ቁቡልን ሓሳብ ብሙኻኑ ክገልጽ ከለዉ ገለ ኣዴታት ግን ደቀይ ሺጉርኩም በዝሑ ፣መዎጽቶ ይፍተረልኩም: ኣምላኽ ይሓልኹም እና በላ ብዝሕዝን

ንብዓት ኣሰንየን መንእሰያት እንተሰምርኩምን ተሓባቢርኩምን እዩ ዝወግሕ እሞ ኣጃኹም ከጹሉዎ ኣብ ጎኑኹም ኣለና ብምብላ ተፈናየናና::

ድሕሪ ሰልፍ እቲ ዕላማ ብዘይ ሻራ ኑጽር ክምዝነበረ ምስኣረጋገጽ ነብሶም ብምሕካኽ ተለፎናንት ብምድዋል ይቅረቶም ሓቲቶም ::

ንሕና ዉን ዕለማና ንድሕነት እምበር ጌጋታት ምጽብጻብ ስለይዘይነበረ ብዘይ ብዘይምስታፎም ዘይኮነስ ብምርድኦም ሑጉሳት ምኻና ኢና ገሊጽናሎም ::

ኣብ ቀጻሊ እንገብሮ ጻዕርታት ኣብ ጎንና ደው ክብሉ ከኣ ንጽዉዕ ::ኣብዚ እዋን እዚ መንእሳያትና ኣብ ዝኸፈአ ሽግር እንደሃለዉ ንነገራት ቢጥርጣሬ ምርኣዩም ኑቡር እንተኾነ እኩዋ ማዓራ እዚ ግን ንነግራት ቢኹፉት ሓንጎል ክሪኦ ይግባ ::ሕጂ ዉን ጻዓሪተትና ቀጻሊ እዩ እሞ ኣብ ጎንና ደው ክብሉ ጻዉእትና ነቀርብ ::

ንስድራቤት ሓዘንተኛታት ጽናዓት ይሃብኩም ንብል !

ንግዳያት ከኣ መንግስት ሰማያት የዋርሶም!

ንብሂወቶም ዘሎዉ ከኣ

ደው ንኽብሉ

ደው ንበል !

ኤር ሄልፐ ነትዎርክ

10-April 2011

Rotterdam NL